**17/06/2011**

# 20 ኤርትራውያን ስደተኛታት ሎሚ ኣብ ሰዓታት ቅ/ቀትሪ ብሰላም ኣዲስ-ኣበባ ኣትዮም!!

20 ኤርትራውያን ስደተኛታት ሎሚ 17 ሰነ 2011፡ ኣብ ሰዓታት ቅ/ቀትሪ ብሰላም ኣዲስ-ኣበባ ኣትዮም፡፡ ብዘይካዚ ካብ ዕለት 10-17 ሰነ 2011 ምስዞም ናይ ደሚርካ 68 ኤርትራውያን ስደተኛታት ካብ ቤት-ማእሰርትታት ግብጺ ብሰላም ናብ ኢትዮጵያ ኣትዮም ይርከቡ፡፡ ብሓፈሻ ካብዞም 68 ዝኣተዉ ኤርትራውያን ስደተኛታት እቶም 37ተን ወተሃደራት ናይ ስርዓት ህግደፍ ዝነበሩ ክኾኑ ከለዉ፡ 10ተ ተመሃሮን 21ን ድማደቂ-ኣንስትዮ እየን፡፡ እዞም ዝኣተዉ ስደተኛታት ካብ 5-22 ኣዋርሕ ኣብ ቤ/ት ማእሰርትታት ግብጺ ክሳቐዩ ዝጸንሑዮም፡፡

ኣዲስ-ኣበባ ኣብ ዝኣተወሉ ሰዓት፡ ምምሕዳር ቤ/ጽሕፈት ጉዳይ ስደተኛታትን ካብ ስደት ተመለስትን ኢትዮጵያ፡ ድመቕ ኣቀባብላን ቀዳማይ ረዲኤትን ድሕሪ ምሃብ፡ ናብ ኤርትራውያን ስደተኛታት ዝርከብሉ መዕረፊ ቦታ ኣፋንይዎም፡፡

ምኻሊ፥ ናይ ዝኣተዉ የሕዋት ስደተኛታት ብኸፊል!!



